# ሰንበት ዘቅድስት ዘጾም ፱

## የካቲት 23- 2017 ዓ.ም.(3/02/2025)

**መዝሙር፡** ግነዩ ለእግዚአብሔር ወጸውዑ ስሞ...ንእግዚአብሔር አገልግልዎ ስሙ ጸውዑ ተግባራቱ ነሕዛብ ንገርዎም ንስሙ ክብሪ ሃቡ።ንጽድቂ ተገዝኡ መዝገብኩም ነቐዝ አብ ዘየንቅዞ ሠራቒ አብ ዘይረኽቦ አብ ሰማይ ዕቐርዎ፥ ስንድዋት ኩኑ አብቲ ክርስቶስ ዘለዎ ንበሩ፥ ናይ ላዕሊ ሕሰቡ አብኡ መዝገብ ተዓቍርልና አሎ እሞ ንብጻይና ነፍቅር ርእስና ነትሕት ሰንበት ነኽብር።

**ንባባት፡** ፩ቆሮ 2:6-10፥ ያዕ 1፡13-22፥ ግ.ሓ.10፡17-30፥ ማቴ 5:17-37።

**ስብከት፡** እግዚአብሔርሰ ሰማያት ገብረ፥ አሚን ወሰናይት ቅድሜሁ። ቅድሳት ወዕበየ ስብሓት ውስተ መቅደሱ፥ እግዚአብሔር ግና ሰማያት ገብረ፥ ግርማን ክብርን ይኸቦ፥ መቕደሱ ኸአ ብኃይልን ጽባቐን ምሉእ እዩ መዝ። 96፡5።

ናይ ሎሚ ሰንበት መዝሙር ሕይወትና ምስ አምላኽን ሰብን ክህልዎን ክሕዞን ዝግብኦ መገዲ የዘኻኽረና። ጉዳይ ሰማይ ተነቃፊ ብቐሊል ዘይመልክዑ ክነልብሶ ስለ እንኽእል ዓቢ ምስትውዓል ከም ዘድልየና የዘኻኽረና። ንአምላኽ ክነገልግል፥ ሰበኽቲ ወንጌል ክንከውን፥ አብ ሕይወትና ቅድስና ለቢስና ክነብር፥ ካብ ኩሉ ዝጓነፈና ፈተና በርቲዕና እምነትና ክነጽንዕ፥ ኵሉ ጊዜ ዕጡቓትን ስንድዋትን ኮና ሕይወትና ክንመርሕ፥ መወዳእታና ምስ አምላኽ ምንባር ምዃና ክነስተውዕል፥ ንብጻይና ከም ርእስና እናፍቀርና ክነብር፥ ብዕለተ ሰንበት አብ መአዲ ክርስቶስ ተሳተፍቲ ክንከውን ከም ዘሎና ዘዘኻክር ፍሉይ መዝሙር ኢና ዘሚርና።

አብ ጊዜ ጾም ፱ ፍሉይ ጸሎት አስተንትኖ ተጋድሎ ክንገብር ቤተ ክርስትያን ተዘኻኽረና። ጾም ፱ “ቅድስት” እውን ይብሃል እዩ። እንጅምሮ ዘሎና እዋን ናይ ንስሓን ዕርቅን ሕድገት ኃጢአትን እዩ፥ አብ አምላኽ ተመሊስና ፍቕሩን ጸግኡን ክነስተማቕር አብ መንጎና ንዘሎ ጸገም ምእንቲ አምላኽ ኢልና ክንሓድግ ከምኡ መገዲ አምላኽ ክንሕዝ ዝሕግዘና ቅዱስ እዋን እዩ። ጾምና ፍረ ክህልዎ ናይ ብሓቂ አብ ናይ ብሕታዊ ሕይወትና አቲና ነቲ ካብ አምላኽን ጸግኡን ፈልዩና ዘሎ አለሊና አብ ጻህያይ ኃጢአትና ክንአቱ እሞ ጸጸት ኃጢአትና ገርና እሙናት ደቂ ክርስቶስ ክንከውን ዝዕድምና ፍሉይ ናይ ጸጋን ምሕረትን ጊዜ እዩ እሞ ክንዕወት ንጽዋዕ አሎና።

አብዚ ሰንበት ዘቅድስት ቤተ ክርስትያን አብ ሕጊ ክርስቶስ ክነስተንትን ትደልየና። አብ ጽምዋ ልብና አቲና እንመርሖ ዘሎና ሕይወት ክንርኢ እሞ አብ ክርስቶስ ክንምለስ፥ ምስኡ አዛሚድና አብ ምሕላው ሕጊ ቤተ ክርስትያን እንገብሮ ጻዕሪ ክንግምግም ዝዕድም እዋን። ሕጊ ክርስቶስ መለኮታዊ ሕጊ እዩ፥ ንባህርያዊ ሕጊ ዝጻረር አይ ኮነንን፥ ነቶም ብምሉእ ዝቕበልዎን ብእኡ ሕይወቶም ዝመርሑ ልቦና ዝመልእን ሕይወት ዝህብ እዩ። ካብቲ አምላክ አባና ዘልአ ፍቕሪ ዝምንጩ ኸአ እዩ፥ ስለዚ ንእኡ ምእዛዝ መሰረታዊ ምርጫ ንሕወትና ንሓጎስን እዩ። ሰብ ንሕጊ ክርስቶስ ከም መምዘኒ ሕይወቱ ገሩ እንተ ነበረ ሓንቲ ጸገም አይጓነፎን እዩ፥ ገለ ፈተና እንተ ገጠሞ እውን ከሸንፎ ይኽእል እዩ። ጸገም ዝስዕረና ንሕጊ አምላኽ ሓዲግና ባዕልና አብ ዘውጻእናዮ ሕጊ ጥራሕ ክንምራሕ ከሎና እዩ። ዓለምና ሎሚ ሰብ ብዝሰርሖ ሕጊ ጥራሕ ትምራሕ ስለ ዘላ ሳዕበናቱን ውጽኢቱን እንርእዮ ዘሎና ሓቂ እዩ። ሃብታማትን ሓያላትን፥ መለኽትን ገዛእትን ጥራሕ ዝደልይዎ ሕጋ ገራ ትሕመስ አላ። መለክዒ ሓቂ አብ ክንዲ እቲ አምላኽ ዝሃበና ዝኸውን አብ ድላይ መራሕትን ገዛእትን ኮይኑ ነቲ አምላኽ ዝሃበና ሕጊ ሰባት

ብዝደልይዎ ክትካእ ንርእዮ ኣሎና። ሓደ ካብዚ ግብሪ ሰዶምን ጎመራን እዩ። ኣብ ግዚኡ ንዝነበሩ ዘጥፍኦ ኃጢአት ሎሚ እውን ይድገም ንርኢ ኣሎና፥ የቕልለልና ዘብል እዩ። ጊዜ ጾም ነዚ ክንሳሓሉን ክንጽጸተሉ ዘሎና ከቢድ ናይ እዋና ጸገም እዩ። ኣምላኽ ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ ሓደ ክኾኑ እምበር ካልእ ኣይፈጠረን እዚ ንሕጊ ኣምላኽ ዓው ኢልካ ምፍራስ ስለ ዝኾነ ኣብ ዓለም ከቢድ ጸገም ኮይኑ ንርእዮ ኣሎና፥ ብሓቂ ክንጽሊ ይግብኣና።

ኣብ መጽሓፈ ሲራክ 15፡15-20 ዘሎ እንተ ኣንበብና ሓውን ማይን ኣብ ቅድሜኻ ኣንቢሩ ኣሎ ኢድካ ስደድ እሞ ኣብቲ ዝደለኻዮ እለኽ. . . ሕይወትን ሞትን ቀሪበን ኣለዋ እቲ ዝመረጾ ኸኣ ኪወሃቦ እዩ፥ እናበለ ብሓደ ወገን ኣምላኽ ክንመርጽ ነጻነት ከም ዝሃበና ይነግረና እንተ ኾነ እቲ እንመርጾ ውጽኢቱ ንሕይወትና ከም ዝጸልዎ ክንፈልጥ ከም ዘሎና ይሕብረና። ኣምላኽ ካብ ፍቕሪ ተላዒሉ ነጻ ገሩ ፈጢሩና፥ ኣብ ሕይወትና ክመርሓና ኢሉ ሕጊ ሂቡና፥ ናይ ምምራጽ ነጻነት ናይ ሕይወት ውሳኔ ክንገብርን ክንመርጽን ኢሉ ኣእምሮ ክመርሓና ሂቡና።

ኣምላኽ ኣነጺሩ ነጊሩና እዩ ኣብ ሕይወትና እንገብሮ ምርጫ ናቱ ሳዕቤን ኣልኦ። ንቀዳሞት ወለድና ካብ ፍረ እቲ ኣብ ገነት ዘሎ ኦም ኵሉ ብላዕ ካብ ፍረ እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና ካብኣ ዝበላዕካላ መዓልቲ ብርግጽ ክትመወት ኢኻ እሞ ካብኣ ኣይትብላዕ (ዘፍ 2፡ 16-17) እናበለ ብምርጭኦም መሰረት ሳዕበኑ ከም ዝቕበሉ ገሊጽሎም። ኩሉ ጊዜ ነቲ ኣምላኽ ዝበለና ሕግታቱ እንተ ሰማዕናን ኣኽበርናን ሕጉሳት ኢና እንኸውን። ብኣንጻሩ ሰይጣን ተዓዊትልና ሕማቕ ምርጫ ክንገብር እንከሎና ፍሪሑ ኢና እንሓፍስ። መዘምር ዳዊት እቶም ኃጢአት ዘይገብሩ ሕጊ እግዚኣብሔር እናፈጸሙ ዝነብሩ ሰባት ብፁዓን እዮም፥ ሕጉ ዝሕልዉ ብምሉእ ልቦም ዚእዘዝዎ ብፁዓን እዮም. . . (መዝ. 119፡1) ይብለና። እዚ ማለት ከኣ ከም ነጻ ዝኾኑ ፍጡራት መጠን እግዚኣብሔር ብሓይሊ ነጻነትና ኣይገፍን እዩ፥ ደይ እድየከ ሃበ ዘፈቀድከ እዩ፥ ኢድካ ኣብ ዝደለኻዮ ምለስ ነጻነትካ ዝተሓለወ እዩ። እንተ ኾነ እቲ ቅኑዕ ምርጫ ክንገብር ሕግታቱ እቲ ሕይወትን ሓጎስን ዝህብ ክንመርጽ የበራትዓና። ብዙሕ ጊዜ ኣብ ዝገበርናዮ ምርጫ ወላ እኳ ናይ ገዛእ ርእስና ምርጫ ውጽኢት ይኹኑ ንኣምላኽ ንሓሚ፥ ስለምንታይ እዚ ክወርደኒ ወይ ከምዚ ኽኸውን ኣፍቂዱ እናበልና ኣብ ልዕሊ ኣምላኽ ነግረምርም።

ቅ. ጳውሎስ ኣብ ቀዳመይቲ ንባብና ንሕጊ ክርስቶስ ጥበብ ኣምላኽ ይብሎ ነዚ ኸኣ ብእዋኑ ንዝነበረ ኣተሓሳስባን ርድኢትን ንምግላጽ ኢሉ ካብ ትንቢት ኢሳያስ 64፡4 እናጠቐሰ ይገልጾ። ብኻልእ ኣዘራርባ ንሕጊ ክርስቶስ ምእዛዝ ዝበለጸ ነገር ኣብ ሕይወት ምግባር እዩ እናበለ ክመርጽዎ ዝግብኦም ይነግሮም። ብሕጊ ኣምላኽ ምንባር ንሰባት ፍሉያት ይገብሮም እዚ ኸኣ ብሓደ ፍሉይ ምልክት ሰላም ፍቕሪ ሓጎስ ኮታስ ኩሉ ንሰብ ዘሓጉስ ተዓዲልካ ምንባር ማለት እዩ። ጳውሎስ ነቲ ካብ ክርስቶስ ዝመጽእ ጥበብ ካብቲ ናይ እዛ ዓለም ፍልስፍና ፈላልዩ ይርእዮ፥ እዚ ኸኣ ሕጊ ክርስቶስ ንቃል/ሕጊ ሰብ ዝሓልፎን ልዕሊኡን ከም ዝኾነ ይገልጾ። እቲ ካብ ኣምላኽ ዝመጽእ ሕጊ መለኮታዊ ተገልጾ ዘልኦ ክኸውን እንከሎ ናይ ሰብ ጥበብ ግን በራስን ውሱንን እዩ። ኢየሱስ ነዚ ገሊጹ ክምህረና እንከሎ እቶም ኻብ ሥጋ ዝተወልደ ሥጋ እዩ እቲ ኻብ መንፈስ ዝተወልደ ኸኣ መንፈስ እዩ (ዮሓ 3፡6) ይብለና።

ናይ ሎሚ ወንጌል ካብ ማቴዎስ ዝሰማዕናዮ ኣብ መንጎ ብዙሓት ሊቃውንቲ ቅ. መጽሓፍ ዓቢ ክትዕ ዘልዓለ እዩ። ክርስቶስ ንሕጊ ሙሴ ኾነ ንነብያት ክፍጽሞም ደኣ እምበር ክስዕሮም ዝመጻእኩ ኣይምሰልኩም ክብል እንከሎ እንታይ እዩ ዘስምዕ? ኢየሱስ ነዚ ክብል እንከሎ ሓቂ እዩ ዝነግር ዘሎ፥ ብሉይ ኪዳን ብምልኡ ተፍጻሜት ረኺቡ እዚ ኸኣ ኣብ ክርስቶስ ምሉእ ምልኣት ረኺቡ ማለት እዩ። ናይ ግሪኽ ቃል ንምልኣት/ተፍጻሜት ዝብል (pleroo) እዩ ትርጉሙ ከኣ ምምላእ ፍጻሜ ማለት እዩ። ብዓይኒ ናይ ሎሚ ወንጌል ክንርእዮ ከሎና እቲ

ኣቐዲሙ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝተባህለ ኩሉ ክርስቶስ ንሕጊ ኣይሁድ (Torah) ንገዛእ ርእሱ ብምስዋዕ ፈጺምዎ። ስለዚ ሎሚ ንሱ ምልኣት ናይ ሕጊ እዩ። ንኢየሱስ ምእዛዝ ማለት ንሕጊ ምእዛዝ ማለት እዩ።

ሎሚ እምብኣር ክርስቶስ ዝብለና ዘሎ ንሱ ኣንጻር እቶም ናይ እዚ ዘመና ዝኾኑ ፈሪሳውያንን ሰዱቃውያንን ንሕጊ ብሓሶት ዘይናቱ ትርጉም ዝሀቡ እሞ ናይ ህዝቢ ሕግን ሕይወትን ዝውስኑ ዘለዉ እዮ። እዚ ኣንጻር ናይ ሓሶት ነብያት፥ መማህራን ብሓሶት ዝተፈላለየ ኣዋጃት ዝእውጁ ንሰባት እሱራት ሕልናን መንፈስን ገሮም ኣብ ጸልማት ዘንብሩ እዩ። ቤተ ክርስትያን ሎሚ ኣሰር ክርስቶስ መምህራ ብምስዓብ ዓው ኢላ ትምህረና ኣላ። ንሓቂ ካብ ሓሶት ንምዝመዛ ካብ ርሕራሓ ፈሊና ክንርኢ ኣሎና። ወርቂ ዝተለበጠ ቃላት ብስም ተለፍለፈ ሓቂ ተዘሪቡ ማለት ኣይኮነን። ብዙሓት መራሕቲ ብዘለዎም ተመክሮ ዘረባን ጣዕሚ ልሳንን ንሓሶት ንግፍዒ ከይንርኢ ኣደናጊሮም ከም ቅኑዓት ጥዑያት ዝመስል ግን ብደም ደቂ ሰብ ብስቓያት ብዙሓት መንእሰያትን ደቂ ዓዶምን ዝተሓጽቡ እዮም። ዓለም ብገፋዕትን ኣታለልትን ተወሪራ ኣብ ጸልማት ትጉዓዝ ኣላ። ኣብዚ ኢና ኩልና ደቂ ክርስቶስ ንሓቂ ንርትዒ ደው ክንብል እሞ ሰላም ፍቕሪ ክነግስ ዘሎና። ወዲ ክርስትና ንሓቅን ንሰላምን ደው ክብል እንተ ዘይከኣለ ንብዙሓት ኣብ ስቓይን ወርደትን ስደትን እዩ ዘብጽሕ። ኣብ ታሪኽ ክርስትናና ሰማዕታት እንብሎም ንሓቂ ኣብ ኩሉ ኣብ ቅድሚ ነገስታትን ገፋዕትን፥ ኣብ ቅድሚ መን ከማና ዝብሉ ኃያላን ደፊሮም ክሳብ ሕይወቶም ኣብ ምሕላፍ  ስለ ዝበጽሑ እዩ እምነትና ደው ኢሉ ዘሎ። ናይ ሎሚ ሰማዕታት ንሕና ኢና። ፍርሒ ሰሊቡና ንሓቅን ፍትሕን እናጠፍአ ሱቕ ንብል እንተ ኾና ሕጊ ክርስቶስ ጌና ኣይተሰቕረናና ኣሎ ማለት እዩ። ሎሚ እምነትና ሓዲስና ሓደስቲ ሰማእታት ንኹን።

ጾም ፵ ቀንዲ መልእኽቱ ምስ ክርስቶስ ፍጹም ርክብ ክገብር እሞ ንኹሉ ኃጢኣት ስዒርና ኣብ ጽድቅን ንስሓን ክንምለስ እዩ። ነዚ ክንገብር ክንሓልፎ ዘሎና ፈተናን ተጋድሎን ኣሎና። ኣብ ቅድሚ መንበር ኣምላኽ ተደፊእና ዝተነስሓ ልቢ ሒዝና ክንቅርብ ኣሎና። ጾምና ልዕሊ ኹሉ ክንጥንቀቐሉ ዘሎና ግዳማዊ ጥራሕ ከይከውን። ከምቲ ኢዮኤል ነብይ ዝብለና ብጾምን ብብኽያትን ብቑዝምማን ብምሉእ ልብኹም ናባይ ተመለሱ፥ ክዳንኩም ዘይኮነስ ልብኹም ደኣ ቕደዱ ዝብል ነፍሲ ወከፍና ኣብ ሕልናና ንእቶ ቀለዓለም ዝመልእ ሕይወት ይእኽለና ጾም ንዝጹም ሓውናን/ ሓፍትናን ነፍቅር ሕጊ ኣምላኽ ነኽብር ሽው ገጽ ኣምላኽ ክንርኢ ኢና።

ኣምላኽ ዝሓተና ኣለዎ ብዝርአ ጥራሕ ክነምልኾ ከም ዘይደሊ፥ ንሕጉ ሓንቲ ዋጋ ዘይንህብ እንከሎና ግን ብግዳማዊ ነገር ከም ደቁ ኮና ብኽልተ ገጽ ክንከይድ ኣይ ደልን እዩ። ሓዲኡ ክንመርጽ እዩ ዝደሊ። ከምቲ ሙሴ ቅድሚ ሞቱ ንሕዝቢ እስራኤል ሎሚ ሕይወትን በረኸትን ሞትን ጥፍኣትን ኣብ ቅድሜኹም ኣንብረልኩም ኣሎኹ . . . . ብሕይወት ክትነብሩ ክትበዝሑን ኣምላኽኩም መታን ክባርኸኩም፥ ንእግዚኣብሔር ክተፍቅርዎ ብመገዱ ክትከዱ ትእዛዛቱን ሕግታቱን ፍርድታቱን ድማ ክትሕልዉ ኣነ ሎሚ እእዝዘኩም ኣሎኹ፥ ዝበሎም ሎሚ ቤተ ክርስትያን ኣፍ ክርስቶስ ኮይና መንገዲ ኣምላኽ ክንመርጽ ትሓተና ኣላ።

መንፈስ ፈሪሳውነት ናይ ዘመና ጸገም እዩ። ብዝርኣን ብቃሎምን ንቃል ኣምላኽ ዘኽብሩ ዝመስሉ ብግብሮምን መንፈሶምን ግን ካብ ኣምላኽ ዝርሓቑ ብዝያዳ ኣብዚ ምዕቡል ዓለም እንርእዮ ዘሎና እዩ። ክርስቶስ ኣብዚ ዓለም ዝመጽአ ሕይወት ከልብሰና ኢሉ እዩ፥ ብምልኡ ኸኣ ተዋሂቡና ኣሎ። ነጻ ዝኾና ፍጥረት ኢና። ነጻ ምኳን ግን ድላይካ ምግባር ኣይ ኮነን ኣብ እምነት ክርስትናና ነጻ ዝብሃል ምስ ኣምላኽ ምሉእ ውህደት ዘልአ እዩ። ሰብ ነጻ እዩ ክብሃል ካብ ኃጢኣት ነጻ ክኸውን እንከሎ ጥራሕ እዩ። ግፍዒ እናገበርና ንሓውናን ሓፍትናን ክጽገሙ ክዋርዱ ዝክኣለና

እናገበርና ክርስትያን ክንብሃል ኣይ ክኣልና እዩ። እሞ ሎሚ ኣብ ልብና ተመሊስና ኣብ ሕጊ ኣምላኽ ምኽባር ንመለስ እዚ ኸአ እዩ ንጾምና ናይ ብሓቂ ፍረ ዘልኦ ዝግብሮ።

ጽድቕኹም ካብ ጽድቂ መማህራን ሕግን ፈሪሳውያንን ኣዝዩ እንተ ዘይበዝሳ ናብ መንግሥተ ሰማያት ከቶ ኣይትኣትዉን ኢኹም እናበለ ክንክተሎ ዘሎና ጉዕዞ ሕይወት ይነግረና። ሕጊ ኣምላኽ ስርዓታትን መምርሒታትን ጥራሕ ኣይኮኑን ዓቢ መርኃ ሕይወት እዮም። ኣብ ፍቕርን ኣኽብሮትን መሰረት ኮይኖም ሕይወት ዝህቡና እዮም። ሰብ ዝኽብር ብሕግን ፍቕርን ክምራሕ እንከሎ ጥራሕ እዩ። እዋና ኣምሰሉታት በዚሖም ክርስትና ብስም ዓውዓው በልካን ስም ኣምላኽ ብስም ጸዋዕካን ትንነብሮ ኣሎኻ ማለት ኣይ ኮነን። ብሓቂ እንኣምኖ ክነብሮ ክንጽዕር ኣሎና ነቲ ዝጥዕመና ጥራሕ ብስም ፈጸምና ንፉዓት ክርስትያን ኣይ ገብረናን እዩ ስለዚ ሎሚ ኣብዚ ጊዜ ጾም ጉዕዞ ሕይወትና ርኢና ክንክእል ኣሎና። ቀለዓልም ንሕደጎ ግብርና ርክባትና ኩነታትና ንርአ ሽው ኣብ መገዲ ንስሓ ተመሊስና ንጽድቅን ቅድስናን ንተሓሓዞ።

ኣብዚ ቅዱስ እዋን ጾም እምብኣር ንሕግን ስርዓትን ክንሕሉ መብጽዓና ክነሓድስ፥ ነቲ ውሃብ ሕጊ ኣምላኽና ኸአ ሓግዘና ከም ምሕረትካ እምበር ከም በደልና ኣይትኽደና ንበሎ።

ብሩኽ ጾም ገሩ ኣብ ንስሓን ዕርቅን ቅድስናን ዘብጽሕ ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ